ኣብ ልምዓት ከተማ ሽራሮ ዝርከብ ከይዲ ስራሕ ዝተዋደደ መሰረተ ልምዓት ኣብ በጀት ዓመት 2011 ዓ/ም ኣብ ጣብያ ሐየሎም ዝርከብ ዋንነቱ ናይ ልምዓት ከተማ ሽራሮ ዝኮነ ኣብ ጥቃ ገጠር ጣብያ ፖሊስ ንምስራሕ ብደረጃ 8ተ ብብርኪ ፍቃድ ንእሽተይ መንገድን ኮንስትራክሽንን (RC) ህንፃን መንገድን (GC)ኮንስትራክሽንን ማሕበራት ብግልፂ ኣጫሪቱ ኣወዳዲሩ ከስርሕ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ጥቅምቲ 23, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሶኒ ሕዳር 10, 2011 03:30 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:10000.00
- ቦታ:ሽራሮ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሶኒ ሕዳር 10, 2011 04:00 ቅደሚ ሰዓት
- መደብ: መንገዲን ድልድልን ስራሕቲን/

ተጫረቲ ኣብቲ ጨረታ ንምስታፍ እዞም ሲዒቦም ዝተዘርዘሩ ረቋሕታት ክማልኡ ኣለዎም።

1 ናይ 2010/11 ዓ/ም ዝተሐደሰ ብቤት ፅሕፈት ልምዓት ደቀቅትን ኣናእሽተይን ፍቃድ ንግዲ ትካላት ዝተዉሃበ ብርኪ ትካል ምስክር ወረቀት ምዝገባ ንግድ ምስክር ወረቀትን ናይ ኮንስትራክሽን ማለት እዉን ተኮናተርቲ ምዝገባ ካርድን ዘለኩም መለለይ ቁፅሪ ከፋላይ ግብሪ ምስክር ወረቀት ዘለኩም ተወሳኪ እሴት ታክስ ተመዝገብቲ ዝኾኑን ፣ ናይ ዝሓለፈ ወርሒ ተወሳኺ እሴት ታክስ ፀብፃብ ዝገበርክምሉ መረዳእታ ክተቅርቡ ኣለኩም

2 ተጫረቲ ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝረከቡ ደረጃ 8ተ ንእሽተይ ንግዲ ትካላት ናይ ኮንስትራክሽን ማሕበራት ዝምልከት ኮይኑ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ፕሮጀክት ክጫረቱ ይክእሉ እዩም

3 ናይ ጨረታ ዉሕስና ካብ ዝተፈቀደሎም ዝተፈለጡ ባንክታት ዝዉሃብ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ናይ ባንኪ ዉሕስና መአዘዚ ክፍሊት ገንዝብ ማለት እዉን ስፒኦ ወይድማ ብጥረ ገንዝብ 10000.00 (ዓሰርተ ሽሕ ቅርሺ) ከቅርቡ ኣለዎም

4 ተጫረቲ ናይቲ ዝጫረትሉ ፕሮጀክት መፋሰስ  ስራሕቲ ሳይት ካብ ዝተረከቡ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 150 ተኸታተልቲ  መዓልቲታት ሙሉእ ብሙሉእ ዛዚሞም ከረክቡ ኣለዎም

5 ኩሎም ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ ካብ ዕለት 20/02/2011 ዓ/ም  ጀሚሩ ካብ ልምዓት ከተማ ሽራሮ ዝርከብ ከይዲ ስራሕ ዝተዋደደ መሰረተ ልምዓት ቢሮ ቁፅሪ 9 መረዳእታታት ብምሓዝን  ዘይምለስ 100.00 ቅርሺ ብምክፋል ክገዝኡ ይክእሉ እዩም

6 ተጫረቲ ናይ ዝጫረትሉ ፕሮጀክት ዋጋ ሰነድ ሐደ ዋናን ክልተ  ፎቶ ቅዳሕን ሰነድ ጨረታ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖስታት ብምዕሻግ መሊሶም ኣብ ዓብይ ፖስታ ብምዕሻግ ኣብ ልዕሊ እቲ ፖስታ ሽም ዝጫረትሉ ፕሮጀክትን ኣድራሻን ብዝረአ ቀለም ብምፅሓፍ ነቲ ጨረታ ተባሂሉ ኣብ ዝተዳለወ ኣብ ቢሮ ቍፅሪ 9 ኣብ  ዝተዳለወ ሳንዱቅ ክሳብ 10/03/2011 ዓ/ም ሰዓት 3:30 ናይ ቅድሚ ቀትሪ ብኣካል ብምምፃእ ከእትዉ ይክእሉ እዩም

7 ተጫረቲ ኣብቲ ሰነድ ጨረታ ዝቀረቡ ቅጥዕታት ብትክክል መሊኦም ኣብ ነብስ ወከፍ ገፅ እቲ ሰነድ ፈሪሞምን ሓቲሞምን ቅደም ሰዓብ እቲ ሰነድ እንተይኣዛብዑ እቲ ሰነድ ከምቲ ክሽየጥ እንተሎ ከምዝነበሮ እንተይኣጎደሉ ከቅረቡ ኣለዎም

8 እቲ ጨረታ ኩሎም ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ዕለት 10/03/2011 ዓ/ም  ልክዕ ሰዓት 4:00 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ቢሮ ቁፅሪ 9 ክክፈት እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

9 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ መሉእ ብሙሉእ ወይም ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

10 ተጫረቲ ካብ ዝቆፀርዎም ግዚያዉ ሰራሕተኛታት ድማ 60% ንደቂ ኣንስትዩ ንከሳትፉ ድልዊ ክኮኑ ኣለዎም።

11 ብዘይ ፆታ አፈላላይ ማዕረ ክፍሊት ንማዕረ ስራሕ ክኸፈል ድልዊ ዝኾነ

ንተወሳኪ ሐበሬታ  ናብ ልምዓት ከተማ ሽራሮ ቢሮ ቁፅሪ 9  ብኣካል ብምምፃእ ወይ ብቁፅሪ ስልኪ
0345-500622/0914-393114 ምድዋል ይከኣል።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle